# 10ይ ትእዛዝ እግዚአብሔር




"You shall not covet your neighbor's house; you shall not covet your neighbor's wife, nor his male servant, nor his female servant, nor his donkey, nor anything that is your neighbor's" (Exodus 20:17).

"You shall not covet your neighbor's wife, and you shall not desire your neighbor's house, his field, his male servant, his female servant, his ox, his donkey, or anything that is your neighbor's" (Deuteronomy 5:21).

"ቤት ብጻይካ ኣይትመነ። ሰበይቲ ብጻይካ ጉዝኡ፥ ግዝእቱ፥ ብዕራዩ፥ ኣድጉ፥ ገንዘብ ብጻይካ ዘበለ ኹሉ ኣይትመነ" (ዘፀ 20፡17፥ ዘዳ 5፡21)።

ኣብ ዘፀአትን ዘዳግምን ዘሎ ከም ዝገልጾ ዓስራይ ትእዛዝ ንዝኾነ ነገር ናይ ካልእ ሰብ ኣቕሓ፥ንብረት ክይንወስድ ጥራሕ ዘይኮነ ልክዕ ከም ሻድሻይን ታሽዓይን ትእዛዝ ብውሽጥና ክይንምነዮ እውን ይኽልክለና። በእዳውና ኣይምሰረቕናን መጀመርያ ብልብና እንተ ዘይንሰርቕ። "ስምዒታዊ ትምኒት (ሸውሃት) ነቲ ዘይብልና ዘሓጉሰና ነገራት ክምንደሊ ይገብረና፥ ንኣብነት ምስጠመና ክንበልዕ፥ ወይ ከአ ምስቆረርና ክንመውቕ ዘሎና ባህጊ፥ እዚ ባህግታት እዚ ብርእሱ ጽቡቕ እዩ፥ እንተ ኾነ ደረት ልቦናን ምስትውዓልን ሰጊሩ ንዘይናትና ናይ ካልእ ዝግባእ ብዘይሥሩዕ ኣገባብ ክንምነዮ ይድርኸና" (ሓ/ት/ክ 2535) እዚ ኩሉ ነገር ካብ ውሽጣዊ ስምዒትናን ድለትና ከምዝምስረት ይገልጸልና። ኣብ ዘዳግም ንሰብይቲ ብጻይካ ምምናይን ንንብረት ብጻይካ ምድላይን ፈላልዩ ይርእዮ።

ኣብ ሓዲስ ኪዳን ነቲ ኣብ ብሉይ ኪዳን ዝተዋህበ ኢየሱስ ዝለዓለ ርድኢትን ትርጉምን ሂቡ፥ ወድ ሰብ ኣብ መንግስተ ሰማይ ዝኣትወሉ መገዲ ምዃኑ ገሊጹ። ኣብ ሉቃስ 12፡13-15 ዘሎ እንተ ኣንበብና ከምዚ ዝብል ንረክብ፥ "ሓደ ካኣቶም ህዝቢ ድማ መምህር ንኃወይ ርስቲ ኺመቕለኒ ተዛረበለይ በሎ። ኢየሱስ ከአ ኣታ ሰብኣይ ኣባኻትኩምከ ዳኛን መማቐልን ገይሩ መን ሸመኒ በሎ። ኣስዒቡ ኽእ ሕይወት ሰብ ብብዝኂ ገንዘብ ኣይኮነትን እሞ ተጠንቀቑ ካብ ኩሉ ስስዐ ድማ ተሓለዉ በሎም"። ኣብ ትምህርቲ ክርስቶስ ብውሽጥኻ ናይ ገንዘብን ንብረትን ካብ ምምናይ ልዕልቲ ኣብ ትእዛዛት ዘሎ ንላዕሊ እዩ ትርጉም ሒዙ ዝርከብ። ኣብ ነገራት ጥቡቕ ዘይምዃን ማለት ካልኦት ዝውንንዎ ዘይምምናይ ጥራሕ ዘይኮነ ዝኾነ ናይ እዚ ዓለም ነገራት ዘይምምናይ እዩ ዘስምዕ። ከም ኣበሃህላ ክርስቶስ ዋንነቱ ብሕጊ ዝተረኽበ ምዃኑ ብዘየገድስ ልብና ኣብ ዝኾነ ግዝያዊ ግዙፍ ነገራት ከይንገብር እዩ ዝኽልክለና። ልብና ኣብቲ ሃብቲ ሰማይ ዝኾነ ነቕዝን ባልዕን ከምኡ ሰረቕቲ ክረኽብዎ ኣብዘይ ክእሉ ነገራት እዩ ከተኩር ዘልኦ። ቤተ

ክርስትያን ኣብ ትምህርቲ ወንጌል ተመስሪታ መሰረታዊ ሞራላዊ ትምህርቲ ንዋንነትን ከምኡ ንድኽነት ብዝርኢ ብምሃብ ኣብ እዛ እንነብራ ዓለም ዓቢ ለውጢ ኣምጺኣን ከምዝህነጽን ገራ።

ዓስራይ ትእዛዝ ኣብቲ ናይ ኩሉ ዕንወት ምንጪ ርክብ ደቂ ሰብ ዝኾነ እዩ ዘተኩር። ስለዚ ምትምናይ ንዝብል ኣናኢስና ክንርእዮ የብልናን። ነዚ ከረድኣና ሓ/ት/ክ ከምዚ እናበለ ይገልጾ "ዓስራይ ትእዛዝ ነቲ ብዛዕባ ፍትወት ሥጋ ዚግደስ ታሽዓይ ትእዛዝ ይገልጽን ኣጸቢቑ ይምልእን፥ ነቲ ብሻብዓይ ትእዛዝ ዝኽልከል ስርቂ ዓመጽን ምጥፍፋእን ሠሩ ዝኾነ ንብረት~ካልኦት ምምናይን ከኣ ይኽልክል። ናይ ዓይኒ ትምኒትን ስሕበትን ናብቲ ብኃምሻይ ትእዛዝ ዝተኸልከለ ዓመጽን ግፍዕን የብጽሕ። ስስዕቲ ድማ ልክዕ ከም ምንዝርና በተን ሠለስተ ቀዳሞት ትእዛዛት ካብ ዝኽልከል ኣምልኾ ጣዖትን ዚፍልፍል እዩ። ስለዚ ዓስራይ ትእዛዝ እምብኣር በቲ ኣብ ልቢ ዚበቍል ኀልና ዚግደስ እንኪኸውን ምስቲ ታሽዓይ ትእዛዝ ኀቢሩ ከኣ ናይ ትእዛዛት ሕጊ ተዋጽኦ ወይ ጽማቝ ኮይኑ ይርከብ" (ሓ/ት/ክ 2534) ይብል።

I. ብዙሓት ንዓስራይ ትእዛዝ ዝትርጉሙ ነቲ ኣይትመነ ዝብል ኣብ ናይ ፍትወት ሥጋ ዘሎ ትምኒት መሰረት ገሮም ይርእይዎ። ናይ እዚ ኣተራጉማ መሰረት ኣብቲ ናይ ዕብራይስጢ ዘሎ ቃል "ሻማድ" "chamad" ዝብል ኣብ ግሪኽ ክትርጎም እንከሎ 'epithymesies" ኣብ ዝብል ይትርግምዎ ማለት ነቲ ኣብ ናይ ፕላቶ ዘሎ "Physical desire" "ኣካላዊ ድለት" ዝብሎ መሰረት ገሮም ይትርግምዎ። ኣብ ካቶሊካዊ ኣተረጓጉማ ነዚ ኣብ ክልተ ትእዛዛት መቒልና ንርእዮ። ታሽዓይ ትእዛዝ "ዘይሰበይትኻ ኣይትመነ" ዝብልን ዓስራይ ትእዛዝ "ዘይገንዘብካ ኣይትመነ" ኣብ ዝብልን መቒልና ንርእዮ። ክልቲኡ ትእዛዛት ንዝኾነ ሕማቕ ትምኒት ሃረርታ ከይንገብር ይኽልክለና። እዚ ኣብ ፍትወት ሥጋ ዝርአ ትምኒት ነቲ ትምኒት ነገራት ብዝርኢ ግፍሕ ዝበለ ርድኢት ክህልወና ይሕግዘና።

II. ናይ ዓስራይ ትእዛዝ ኣትኵሮ ኣብ ወሲባዊ ሃረርታ ወይ ድለት ጥራሕ ዘተኮረ ኣይኮነን፥ "ምትምናይ" ክንብል እንከሎና ብግፍሕ ዝበለ ኣጠማምታ ክንርእዮ ኣብ ውሽጡ ንሥጋዊ ትምኒት እውን ዘጠቓለለ እዩ። እቲ ቅኑዕ ትርጉም ኣይትመነ "covetousness" ንዝብል ኣብ "concupiscence" "ፍትወት" ኣብ ዝብል ክትርጎም ይክእል። ፍትወት ክብሃል እንከሎ ግድን ናይ ሕዋሳት ስምዒት ኣይኮነን ዘስምዕ። ዘይስሩዕ ድለት ወይ ሸውሃት/ሃረርታ ማለት እዩ። ፍትወት ንድለትና ንሃረርታና የበራትዖ እሞ ካብ ኣምላኽ ይፈልዮ እሞ ሽው ንኹሉ ነገር እንገብሮ ነገር የበላሽዎ ወይ ክንገብሮ ዝግብኣና ከምዘይንገብር ይገብረና።

ኣብ ኣብሃህላ ቅዱስ መጽሓፍ ክንርኢ እንከሎና ኣብ ናይ ሰብ ሕዋሳዊን ወሲባውን ድልየት ወይ ስምኢት ኣይኮነን ዘተኩር ኣብ ልቢ ወድሰብ እዩ ዘተኩር። ልቢ ሰብ ንጭን ማእከልን ናይ ኩሉ ናይ ሰብ ኣካላውን ውሽጣውን ስምዒት ዘጠቓለለ እዩ።

ኩሉ ድፍኢት ናይ ዓስራይ ትእዛዝ ኣብቲ ኣብ ማቴ 15፡19 ዘሎ ተጠርኒፉ ክንረኽቦ ንኽእል። "ካብ ልቢ ኽፉእ ሓሳብ፥ ቅትለት፥ ዝሙት፥ ምንዝርና፥ ስርቂ ብሓሶት ምምካር ጸርፊ ይወጽእ" ይብል።

III. እዚ ዘይስሩዕ ድለትን ስምዒትን ናይ ዓስራይ ትእዛዝ ኣብ ኩሎም ንትእዛዛት እንፍርሰሎም ሕማቕ ነገራት ከምእንወድቕ ይገብረና። ኣብ ኣምልኾ ጣኦት፥ ኣብ ቅትለት፥ ኣብ ዝሙት፥ ኣብ ስርቂን ኣብ ሓሶትን ከምእንወድቕ ይገብረና።

ዓስራይ ትእዛዝ ኣብ ሕይወትና እንተ ረኤና ዳርጋ ካብቶም ካልኦት ትእዛዛት ብዙሕ ዘይንዛረበሉ እንተ ኣብ መንበረ ኑዛዜ ብዙሕ ጊዜ እንናዘዞ እዩ። ምናልባት ካብቲ ቀንዲ ምኽንያትት ብዙሕ

ጊዜ እነፍርሶ ትእዛዝ እዩ ምኽንያቱ ምስቲ ኣብ ውሽጥና ዘሎ ናይ ዘይቅኑዕ ምውናን ድለት ዝተሓሓዝ ስለ ዝኾነ። እዚ ዓይነት ዝንባሌን ስምዒትን ኣብ ዝተፈላለየ ዓሚቕ ዘይስሩዓ ደራኺ ድለት ኣውሪዱ ኣብ ብዙሕ ኃጢኣት ዘውድቐና እዩ።

ኣብ ዓስራይ ትእዛዝ ምምናይ ክብሃል እንከሎ ብሓደ ብርቱዕን ኣብ ቅኑዕ ዘይኮነ ናይ ካልኦት ሰባት ክትውንን እትገብሮ ሃረርታ ምውዳቕ እዩ ዘስምዕ። ኣብ ቋንቋ ቅዱስ መጽሓፍ ምትምናይ ክብል እንከሎ ልዕሊ ሃረርታ እዩ ዘስምዕ። ኣብ ስስዐ ዝተመስረተ ሃረርታ፥ ኣብ ቅኑዕ ዘይኮነ ኣተሓሳስባ ዝተመስረተ ማለት እዩ።

ኣብ ውሽጣዊ ኩነታትና እንተ ርኤና ኩልና ብዝተፈላለየ ሸውሃታት ወይ ሃረታታት (appetites or desires) ዝቖምና ኢና። ኣብ ሕይወትና ብዙሕ ነገር ሃረር ንብል መግቢ፥ ዋሕስ ወይ ድሕነት፥ ግዝያዊ ነገራት፥ ፍቕሪ፥ ዕርክነት፥መውስቦ፥ ክንፍቶን ክንከብርን ንደሊ። ኣባና ዘለዉ ሃርታታት ብርእሶም ክንርእዮም ከሎና ንሰብ ዝጠቅሙ ጽቡቕ ነገራት እዮም፥ ናይ ርእስና ኣድላዪ ነገራት ክንሕሉን ክንዕቅብን ይሕግዙና። እንተ ኾነ ሕይወት ደቂ ሰብ ድሕሪ ውድቀት ቀዳሞት ወለዲ ኩሉ ድለታትናን ሃረርታናን ኣብ ጌጋ ዘምርሕ ዝንባሌ ኃጢኣት ወሪድዎ። ኣብዚ እዩ ሕማቕ ምትምናይ ኣብ ሕይወት ደቂሰብ ዝኣተወ። ብዙሕ ጊዜ ካብቲ እንፈልጦ ንላዕሊ እንምነዮ ነገር ጌጋ ኣይኮነን ወይ ጽቡቕ እዩ ኢልና ነገብሮ። ኣብዚ እዩ ምምናይ ወይ ሃረር ምባል ክኣቱ ዝጅምር። ትምኒት ወይ ሃረርታ ሓንሳብ ክኣቱ እንከሎ ግዝያዊ እሞ ቀልጢፉ ካባና ዝርሕቕ ኣይኮነን። ሃረርር ወይ ምምናይ ኣብ ምሉእ ድለት ክትቅበሎ ወይ ንዘየድሊ ካብ ልክዕ ዝሓለፈ ሃረርታ ክተርኢ ከሎኻ ዝምጽእ እዩ። ዓስራይ ትእዛዝ ኣብቲ ኣምላኽ ዝሃበና ህያባት ኣብቲ ንርእስና ክንመልከሉ እንኽእል ህያባት ክነተኩር ይሕግዘና። ሓደ ብሩህ ሓቂ ብዛዕባ ድለታትናን ስምዒታትናን ኣሎ ንሱ ኸኣ ካብ ልክው ዝሓለፈ ኣብ ስሳዐ ዘምርሕ ክንገብር እንከሎና ኣብ ጠባይና ብህርፉን ተዋሒጥና ኩሉ ጊዜ ኣብ ግጉይ መገዲ የውርዱና። ርእስኻ ምምላኽ ጽንኩር ይኸውን ነቶም ኣብ ስሳዐ ዝምልኦ ሕይወት ዝነብሩ።

ሓዲስ ት/ክ ከምዚ የስተምህረና፡ “ንጽሕና ክበሃል እንከሎ ሰብኣዊ ናጽነት ንኽትመሃር ዚግበር ጻዕሪ ማለት ርእስኻ ንምግታእ ዚግበር ልምምድ የጠቓልል። እቲ ካልእ ምርጫ ግልጺ እዩ፥ ወድ ሰብ ወይ ንስምዒታቱ ገዚኡን ገቲኡን ሰላም ኪጭብጥ እዩ፥ ወይ ከኣ ብስምዒታቱ ተገዚኡን ተመሊኹን ዘይሕጎስ ኪኸውን እዩ። ወዲ ሰብ እምብኣር ካብ ርእሱ ብዚለዓዓል ቀጥዒ ዘይብሉ ድፍኢት ወይ ብግዳማዊ ኣስገዳድ ዘይኮነስ ካብ ውሽጡ ብዝንቀሳቐስ ውልቃዊ ናጻ ብዝኾነ ርዱእን ንቑሕን ምርጫ ምስራሕን ምክያድን እቲ ክብረ ግርማኡ ዚሓቶ እዩ። ወዲ ሰብ ነዚ ክብሪዚ ኪጭብጥ ዚኽእል ርእሱ ካብ ባርነት ስምዒታቱ ሓራ ገቢሩ ናጻ ብምኺን ነቲ ሠናይ ዘበለ ብምምራጽ ንቕድሚት ናብቲ ዕላማኡ ገጹ ኪስጉም ኣብዚ ዕላማዚ ንምብጻሕ ንዚሕግዞ መጋበሪ ድማ ብትግሃትን ክእለቱን ውጽኢታዊ ብዝኾነ ኣገባብ ኪረጋግጽ ምስዝርከብ እዩ” (ቲቶ 2፡1-6) (ሓ/ት/ክ 2339)።

ዓስራይ ትእዛዝ ነጻነትናን መምነንትና እና ኣዘኻኽር ብዕሊ ጥቕሚ ናይ ኣብቲ ርእስና ትምነታዊ ስምዒት ዝርከብ ጥቕሚ ይሕብረና። ናይ ርእስና ጽቡቕ ምርካብን ሕጉሳት ናይ ምኧንን ኣብቲ ናይ 9ይን 10ይን ትእዛዝ ዘሎ ኣብቲ ኣይትተምነ ዝብል ተገሊጹ ንረኽቦ።

ኣባ ንጉሰ ፍስሓ